# ሱዳን ኣበይ ገጻ'ያ?



ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ሱዳን፡ ካብ'ቲ ንምእንቲ ናጽነትን ሓርነትን ፍትሓዊ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ ንሓሙሽተ ዕቁዳት ኣንጻር ዓበይቲ ሃገራትን መግዛእቲ ኢትዮጵያን ዝተኻየደ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ዝያዳ ዝማዕበለ ምስ ኤርትራ ዘለዋ ታሪኻውን ህዝባውን ምትእስሳርን ፖለቲካዊ ቊጠባውን ባህላውን ዝምድናታትን ተበጊሳ፡ ንኤርትራ ከም ካልኣት ጐረባብቲ ሃገራት ተራ ጐረቤት ሃገር ኣይኮነትን። ዓበይቲ ሃገራት ኣብ እዋን መስፍናዊ ስርዓት ተፈሪ መኮንን ይኹን ወተሃደራዊ ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም፡ ንሕጋውን ታሪኻውን መሰል ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምግሃስ ጥራሕ ከይተወሰና ንመግዛእታዊ ስራዊት ኢትዮጵያ ዶብ ዘይብሉ ሓገዝ ገይረን እየን። እንተኾነ ግን ኣብ መጨረሽታ ሓቂ ተዓዊቱ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱን ኣብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ተደርብዮም። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ብመገዲ ዕጥቃዊ ሰውራኡ ኣብ 24 ግንቦት 1991 ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ማሕበር ሃገራት ዓረብ፡ እስላማዊ ጉባኤ፡ ውድብ ሻራ ዘይብለን ሃገራትን ሕብረት ኤውሮጳን ዝውክል ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ኣብ ዝተሳተፎ ብ27 ሚያዝያ 1993 ናጻን ርትዓውን ታሪኻዊ ረፈረንደም ኣብ ዘካየዶ 99.8% እወ ንናጽነት ብምድማጽ ንመስርሕ ታሪኽ ቅኑዕ መኣዝኑ ኣትሒዙዎ። ኣብ'ቲ ነዊሕ ሓርነታዊ ቃልሲ ከኣ ህዝቢ ሱዳን ኣብ ጐኒ ህዝቢ ኤርትራን ሰውራኡን'ዩ ደው ኢሉ። እዚ ናይ ህዝቢ ሱዳን ታሪኻዊ መርገጺ'ዚ ምስ ኩሉ'ቲ ኣብ ገለ ሰልፊታትን ስርዓታት ኻርቱምን ዝርአ ዝነበረ ምግልባጥ ነቅ ከይበለ፡ ኣንጻርቶም ምስ ስርዓታት ኢትዮጵያ ብጉዳይ ኤርትራ ንምውጋይ ንሰውራውያን ተጋደልቲ ኤርትራ ዝሃድኑ ዝነበሩ ስርዓታት ኻርቱም ተቓውሞታት ብምኽያድ ምስ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ምድግጋፍ ብግብሪ የርኢ ነይሩ።

ሱዳናውያን፡ ነቶም ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዕቁዳት ምሉእ ካብቶም ብሓገዝ ዋሽንግቶንን ሞስኮን ኣብ ኤርትራ ካብ 1961 ክሳብ 1974 ብመስፍናዊ ስርዓት ሃይለ ስላሰ ናይ ዝባደመ መሬትፖሊሲ፡ ከምኡ ድማ ካብ 1974 ክሳብ 1991 ብወተሃደራዊ ስርዓት ናይ ቀይሕ ራዕዲ ፖሊሲ ዝትግብሩ ዝነበሩ መግዛእታውያን ስርዓታት ሂወቶም ንምድሓን ዝሰደዱ ዝነበሩ ኤርትራውያን ሓቀፎምዎም እዮም። መንግስቲ ኤርትራ'ውን ኣብ መላእ ኤርትራ ብርሃን ናጽነት ምስ ተኸልዐ፡ ኣብ ሱዳን ሰላምን ርግኣትን ንምርግጋጽ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ከምቲ ናይ ደቡብ ሱዳን ምፍንጫል ዘጋጠመ ንኸይጋጥም እቶም ንሓደንት ሱዳን ንምፍራስ ዝንአየዩ ሓይልታት ዕድል ንምኽላእ ንኣሕዋት ሱዳናውያን ኣብ ሓደ ናይ ሓድነት መኣዲ ንምዕሳል ዘይተቆጠበ ጻዕሪታት ኣካይዱ እዩ።

ኣብ ከሊ'ዚ ታሪኻውን ፖለቲካውን መስርሕ'ዚ ከኣ ኣስመራ መሰረታውያን ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን ከም ሰልፊ ደሞክራስያዊ ሕብረት፡ ሰልፊ ኡማ፡ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ሱዳን፡ ምትእኽኻብ ሰልፊታት ኣፍሪቃ ሱዳን፡ ሕጋውያን መራሕቲን ሞያውያንን ፍሉጣት ሃገራውያን ውልቀ-ሰባትን ዝተሳተፍዎ “ጉባኤ መጸኢ ጉዳያት” ብ15 ነሓሰ 1995 ኣኣንጊዳ። ኣብ ርእሲ'ዚ ኤርትራ፡ ነቶም “እስላማዊ ስርዓት” ሂወት ዘጽበበሎም ሱዳናውያን ኣፍ-ደገአ ከፊታትሎም። ኣብ'ቲ ሕሱም እዋን'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሱዳን መዳርግቲ ዘይብሉ በደልን ኣሰቃቂ ግፍዒታትን ይወርድ ነይሩ። ከምኡውን መንጐኝነት ኤርትራ ነቲ ን12 ዓመታት ምሉእ ካብ 1994 ክሳብ 2006 ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝካየድ ዝነበረ ኣዕናዊ ኩናት ደው ኣብ ምባል ተዓዊቱ እዩ።

ኣብ'ቲ ብ14 ጥቅምቲ 2006 ኣብ ዋና ከተማ ኤርትራ ዝተኸተመ ታሪኻዊ ስምምዕ፡ ብርከት ዝበሉ መራሕቲ ሃገራትን ኣፍሪቃውያንን ዓረብን ዲፕሎማሰኛታትን ተሳቲፎም ነይሮም። ካብኣቶም ንምጥቃስ፡ ፕረዚደንት ሱዳን ነበር ማርሻል ዑመር ሓሰን ኣልበሽር፡ ፕረዚደንት ጂቡቲ እስማዒል ዑመር ገለ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ቀዳማይ ምክትል ፕረዚደንትሱዳን ሰልፋኬር ሚያርዴት፡ ኣቦ መንበር ሃገራዊ ባይቶ ሱዳን ኣሕመድ ኢብራሂም ኣጣህር፡ ኣቦ መንበር ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ምትእኽኻብን መራሒ ሰልፊ ደሞክራስያዊ ሕብረትንመሓመድ ዑስማን ኣልሙርቀኒ፡ ዋና ጽሓፊ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ዑመሮ ሙሳ፡ ካልኣይ ምክትል ኣቦ መንበር ባይቶ ሚኒስተራትን ሚኒስተር ጽዓትን ሃገረ ቐጠር ዓብደላ ሓመድ፡ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ የመን ዶ/ር ኣቡበክር ኣልቁርቢ፡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ምስሪ ኣሕመድ ኣቡኣልቄጥ፡ ሚኒስተር ዜናን ባህልን ስዑዲ ዓረብ እያድ ኣሚን መደኒ፡ ሚኒስተር ጉዳይ ኣሚራዊ ቤት መንግስቲ

ሃገረ ኩዌት ኣሼኽ ናስር ኣሰባሕ ኣሕመድ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ስቴት ኢማራት ዓረብ መሓመድ ሕሴን፡ ኣብ ሃገረ ሊብያ ኣብ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ተሓጋጋዚ ጽሓፊ ጠቕላላ ህዝባዊ ኮሚተታት ዶ/ር መሓመድ ስዒድ፡ ወኪል ሰልጠነት የማንን ካልኦት ላዕለዎት ፖለቲካውያንን ዲፕሎማስያውያንን ሓለፍቲን ኤርትራውያን ሚኒስተራትን ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ኣባላት ኣህጉራውያን ዲፕሎማስያውያን ልኡኻትን ይርከቡዎም።እዚ ዓቢ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ተሳትፎም'ዚ፡ ንሱዳንን ኤርትራን መላእ ዞባን ኣገዳሲ ታሪኻውን ፖለቲካውን ፍጻመ ምዃኑ'ዩ ዝሕብር። እዚ ታሪኻዊ ፍጻመ'ዚ ካብ'ቲ ኣብ ሕሉፍን ህልውን ዘመናውን ታሪኽ ኣብ መንጎ ሱዳንን ኤርትራን ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ዘሎ ዝምድናታት እቲ ዝወሓደ እዩ።

ኣሕዋት ሱዳናውያን ካብዚ ሕጂ ኣትዮምዎ ዘለዉ ሽግር ክወጹ ንምሕጋዝን ነዚ ኣብ ዋና ከተማ ኻርቱምን ኣብ ገለ ከባቢታት ሱዳንን ብዝተፈላለየ ዓይነት ከበድቲ ኣጽዋር ተሰንዩ ዝካየድ ዘሎ ኣዕናዊ ውግእ ደው ንምባልን ንተራ ሃገረ ኤርትራ በቲ ሓቀኛ ታሪኻዊ መልክዑ ምቅራብ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ሕጂ ንሱዳን ዘቃጽል ዘሎ ሓዊ ግድን ክጠፍእ ኣለዎ። ይኹን እምበር ምስ ህልዊ ሽግር ሱዳን ከም ናይ መጥፋእቲ ሓዊ ሰራሕተኛታት ደድሕሪ ፍጻመ እናተጓየኻ ዝጠፍእ ዘይኮነስ፡ ስሩ መሰረቱ ፈሊጥካ ክሙሓ እዩ። እዚ ክብል ከሎኹ ግን ቅኑዕን ዘይቅኑዕን ተበግሶታት ከምዘሎ ዘንጊዐኣይኮንኩን። ዋላ'ኳ ገሊኡ ተበግሶታት ቅንዕና ዘለዎ እንተኾነ፡ ናይ ብርሃን ተስፋ ዘይርኣዮ፡ ንሽግር ህዝቢ ሱዳን ዘጋድድ ንሱዳን ኣብ ባሕሪ ተበግሶታት ምጥሓል ግን ፍታሕ ዘምጽእ ኣይኮነን። ሽግር ሱዳን ብናይ ስልጣን ውድድር ኣብ መንጎ ክልተ ጀነራላት ማለት ጀነራል ዓብደልፈታሕ ብርሃን ፕረዚደንት ሉኣላዊ ባይቶን ጀነራል መሓመድ ሓምዳን ዶግሎን "ሕሜቲ" ኣዛዚሓይልታት ውሃብ ቅልጡፍ ደገፍን ጥራሕ ዝግለጽ ኣይኮነን።

ዋላ'ኳ እዚ እቲ ብላዕሊ ዝርአ ሽፋን እንተኾነ፡ እቲ ዝተሓብአስ ዝዓበየ እዩ። ኣብ ሕመረት ጉዳይና ቅድሚ ምእታው፡ ሱዳን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ገማግም ፈለግ ናይልን ሃገራት ሳሕል ኣፍሪቃን ብዘለዋ ጂኦ-ፖለቲካውን እስትራተጂያውን ኣገዳስነት ልዑል ኣቃልቦ ዝውሃባ ሃገር ምዃና ምሕባር ኣገዳሲ እዩ። እታ ኣብ 2011 ኣብ እዋን ምምሕዳር ፕረዚደንት ጆርጅ ቡሽ ንእሽቶ ኣብ ኣዕናዊ ሽግር ዝተሸመት ሊብያ'ውን ምስ ሱዳን ነዊሕ ሓባራዊ ዶብ ኣለዋ። ንናይ ሊብያ ፍንውነት ኸኣ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኣሜሪካ ዝነበረት ኮንደሊዛ ራይስ ብቅሉዕ ዘብረሃቶ እያ። ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ'ውን እንተኾነ ኣብ ሊብያ ተግቢሩዎ እዩ። ብዘይካ'ዚ ሱዳን ዓቢ ሕርሻዊ ጸጋታት ስለ እትውንን ገለ ወገናት ክሳብ "መሶብ መግቢ" ሃገራት

ዓረብ እንሓንሳብ ከኣ ኣህጉር ኣፍሪቃ ይብልዋ እዮም። ከምኡውን ሱዳን ብጸጋታት ባሕሪን ማዕድንን ሃብታም ኣብ ርእሲ ምኳና፡ ኣብ መላእ ዓለም ተዘርጊሑ ዘሎ ሰብኣዊ ዓቕሚ ሱዳን'ውን እቲ ካልእ ጸጋ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ኸኣ ንዝሓየሉ ምልካውያን ስርዓታት ዝጉሕፍ ሰውራታትን ምልዕዓላትን ናይ ምብራዕ ዓቕሚ ዘለዎ ህዝቢ ሱዳን ወድዓዊ ቅድመ ኩነታት እንተ ድኣ ተማሊኦሉ ሃገሩ ካብዚ ተሸሚማቶ ዘላ ዓዘቅቲ ከውጽኣ ብቕዓት ኣለዎ። እዚ ኩሉ ሱዳን እትልለየሉ ብልጫታት ግን፡ ጽልውኣን ንምስፋን ግዳይ ባህጊታትን ህልኻትን ናይ ጂኦ ፖለቲካውን እስትራተጂያውን ዓበይቲ ሃገራትን ገለ ሃገራት ዞባን ከም እትኸውን ገይሩዋ እዩ።

## ሱር ሕዱር ሽግራት ሱዳን

መሰረት ተደጋጋሚ ሽግራት ሱዳን፡ ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ባሕቲ ግንቦት 2023 ምስ ማዕከናት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ ዝነጸሮ ራእይ ኤርትራ፡ ከም ኣብ ኩለን ዘይማዕበላ ሃገራት ዘጋጥም፡ ካብ ሽግር መስርሕ ህንጸት ሃገር ዝመንጨወ እዩ። ከም ዝፍለጥ መግዛእቲ ብሪጣንያ ኣብ 1956 ካብ ሱዳን ቅድሚ ምውጽኡ፡ ዞባታት ሱዳን ንምብትታን ኣብ ዳርፎር፡ ባሕሪ ኣልቀዛል፡ ኩርዱፋንን ጅባል ኑባን "ዕጹው ከባቢታት" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፈንጂታት ዘሪኡ። ኣብ 1930 ንሰሜንን ደቡብን ሱዳን ከራኽብ ዘየፍቕድ ውሳነ ኣሕሊፉ። ኣብ 18 ነሓሰ 1955 ማለት ቅድሚ 4 ኣዋርሕ ናጽነት ሱዳን ከኣ ኣብ መንጎ ሰሜንን ደቡብን ፖለቲካዊ ወጥሪ ኣባሪዑ። መግዛእቲ ብሪጣንያ ኣብ መላእ ሱዳን ፖለቲካዊ ፈንጂታት ይዘርእ እንተ ነይሩ፡ ካብ መንግስቲ እስማዒል ኣልኣዝሃሪ ጀሚርካ፡ ብስርዓት ኢብራሂም ዓቡድ፡ ስርኣልኸም ኸሊፋ፡ ጃዕፈር ኑሜሪ፡ ዓብደልራሕማን ስዋርኣልዝሃብን ኣሳድቕ ኣልማህዲን ክሳብ ስርዓት ማርሻል ዑመር ኣልበሽር ካብ 1956 ክሳብ 2019 ኣብ ኻርቱም ስልጣን ዝተወራረሱ ፖለቲካውያን ሓይልታት ኣብ ሃገራዊ ባይታ ዝተሰረተ ኣብ መንጎ መሰላትን ግቡኣትን ኩሎም ሱዳናውያን መዓርነት ኣብ ምርግጋጽ፡ ኣብ ስልጣንን ፍትሓዊ ምቕርሓ ጸጋታትን ማዕረ ተሳታፍነት ኣብ ምውሓስ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ምዕሩይ ልምዓታዊ ዝርግሐ ኣብ ምትግባርን ንባህላውን ሃይማኖታውን ብዙሕነት ኣብ ምቕባልን ሃይማኖት ካብ ፖለቲካ ኣብ ምፍላይን ፈሺሎም እዮም።

ካብ 1956 ጀሚሩ ኣብ መንጎ ወተሃደራትን ሲቪልን ብመገዲ ወተሃደራዊ ዕልዋታትን ህዝባዊ ምልዕዓላትን ብዝተራእየ ናይ ስልጣን ምውርራስ እናዛየደ ዝኸደ ሽግራት ሱዳን ርግኣት ኣብ ምፍጣር ኣይሓገዘን። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ ነቲ ሽግር ኣጋዲዱዎ። ፕረዚደንት ሱዳን ማርሻል ጃዕፈር ኑሜሪ ኣብ 1983

ብመራሒ ሃገራዊ እስላማዊ ግንባር ዶ/ር ሓሰን ቱራቢ ዝተባረኸ ሕግታት እስላማዊ ሸሪዓ ንምትግባር ዘፍቕድ "ሕጊታት መስከረም" ምስ ኣሕለፈን ንነፍሱ ከም ናይ ምስልምና ኢማም ምስ ሾመን ሽግር ሱዳን ናብ ሓድሽን ሓደገኛን መኣዝን ከይዱ። እዚ ኸኣ ምስ'ቲ ኣብ 1972 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም ዝገራጮ እዩ። ስርዓት ፕረዚደንት ጃዕፈር ኑሜሪ፡ ነታ ኣብ ክሊ ሪፓሊክ ሱዳን ውሽጣዊ ምምሕዳር ዝነበራ ደቡብ ሱዳን ኸኣ ኮነ ኢሉ ናብ ሰለስተ ዞባታት ባሕሪ ኣልቀዛል፡ ኢኳቶርን ላዕለዋይ ናይልን መቃቂሉዋ። ንኩሉ ሃይማኖታዊ እምነታት እንኮላይ'ቲ ያታዊ ኣፍሪቃዊ ሃይማኖታት ዘየኽብር ኮይኑ። ስርዓት "ሃገራዊ እስላማዊ ግንባር" ብመሪሕነት ማርሻል ዑመር ኣልበሽርን ዶ/ር ሓሰን ዓብደላ ቱራቢን ብ30 ሰነ 1989 ብመገዲ ወተሃደራዊ ዕልዋ ስልጣን ምስ ተቆጻጸረ ሽግር ሱዳን ናብ ዝለዓለ ብርኪ ደይቡ። እንተኾነ ግን ኢድ ሸናሒት ጸናሒት ኮይኑ፡ ዑመር ኣልበሽር ናብ ቤተ መንግስቲ ክሰጋገር ከሎ፡ ሓሰን ቱራቢ ግን ናብ ቤት ማእሰርቲ ኮበር ተዳጒኑ። ቅድሚ ኩሉ ከኣ፡ እስላማውያን ኣብ ኩሉ ፕለቲካዊ፡ ጸጥታዊ፡ ቍጠባዊ፡ ባህላውን ዜናውን ትካላት እንኮላይ ሓይልታት ሰራዊት ሓጺናዊ ምልኮም ኣረጋጊጾም። ንሓይልታት ሰራዊት ከምቲ ንሳቶም ዝብልዎ "ኣጽርዮምዎ" ንዓታቶም ዘይስዕቡ መራሕቲ ባእታታት ይኹኑ ተራ ወተሃደራት ከምቲ ኣብ ሱዳን ካብ ናጽነት ጀሚሩ ብተደጋጋሚ ዝተኸሰተ ብመገዲ ሰልፊ ኡማ ወይ ሰልፊ ደሞክራስያዊ ሕብረት ወይ ዱሳዊ ሰልፊ ወተሃደራዊ ዕልዋ ከይግበረሎም ካብ ሰራዊት ኣልዮምዎም። ብወተሃደራዊ ዕልዋ ዝመጹ እስላማውያን ኸኣ ንሃገር በዘን ዝስዕባ ሽዱሽተ ጸጥታዊ ትካላት ክመርሕዋ ጀሚሮም።

1-ክፍሊ ጠቕላሊ ጸጥታ፡ 2- ክፍሊ ውሽጣዊ ጸጥታ፡ 3- ክፍሊ ፍሉይ ስርሒታትጸጥታ፡ 4- ክፍሊ ማእሰርቲታት ጸጥታ፡ 5- ክፍሊ ጸጥታ ኻርቱም፡ 6- ክፍሊ ወጻኢጸጥታ፡ ኣብ'ቲ ብሱዳናውያን ብሕማቕ ዝግለጽ "ኣባይቲ ምትሃት" ኣንጻር ተቓወምቶምን ዝጥርጥርዎምን ዝተፈላለየ ሕሱም ግፍዒታት ፈጺሞም። ፖሊሲ ስርዓት "ሃገራዊ እስላማዊ ግንባር" ከኣ ንደቡብ ሱዳን ናብ ምንጻል ደሪኹዋ። ብኣንጻሩ ግን መራሒ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ሱዳን ዶ/ር ጆን ጋራንግ ኩሉ ግዜ ንሕና 99% ደገፍቲ ሓድነት ኢና ብመሰረት መትከል መሰል ርእሰ ውሳነ ካብ ህዝቢ ደቡብ ሱዳን ክንጻሉ ዝደልዩ ካብ ሓደ ሚኢታዊት ኣይሓልፉን'ዮም ይብል ነይሩ።

እንተኾነ ግን ከምቲ ሱዳናውያን ዝገልጽዎ ድሕሪ ሞት ጆን ጋራንግ ብ30 ሓምለ 2005 ብሓደጋ ነፋሪት ካብ ኡጋንዳ ናብ ሃገሩ እናተመልሰ ከሎ፡ ብሰንኪ "እስላማውያን" ክሳብ ሕጂ ዝርዝራቱ ዘይተቃልዐ ታሪኻዊ መኻልፍ

ስለዝመጸ እቲ ሓደ ሚኢታዊት ን99% ስዒሩዎ።ኣዕናዊ ፖሊሲ ኣሕዋት "ኣኽዋን" ግን ኣብ ሱዳን ጥራሕ ዝተወሰነ ኣይነበረን። የግዳስ ስርዓት ኣልበሽር-ኣቱራቢ ኣብ 1991 ብታሪኽ ብስም "ዓረባዊ እስላማዊ ጉባኤ" ዝፍለጥ "ዓለማዊ እስላም" ዝተባህለ ምትእኽኻብ ኣቀሚሞም። ናይ'ዚ መራሕቲ ከኣ ሱዳናዊ ዶ/ር ሓሰን ቱራቢ፡ስዑዳዊ ኡሳማ ብን ላደን፡ ምስራዊ ኣይመን ኣዘዋህሪ፡ የመናዊ ዓብደልመጂድ ኣዘንዳኒ ነይሮም። ፖለቲካዊ ዕላማኡ ተነጺሩ፡ ብመገዲ'ዘን ዝስዕባ ሸሞንተ ኣብያተ ጽሕፈታት ናይ ትግባረ ውጥን ተወሲኑ።

1- ቤት ጽሕፈት ሰንዓ (የመን) ንኩሉ ንጥፈታት ጥሩፋት ምንቅስቓሳት ኣብ ዞባ ወሽመጥ ዓረብ ይመርሕ።

2- ቤት ጽሕፈት መቓድሾ (ሶማል) ንጥፈታት ጥሩፋት ጉጅለታት ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብፍላይ ከኣ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኤርትራ፡ ጂቡቲን ሱዳንን ይመርሕ።

3- ቤት ጽሕፈት ኻርቱም (ሱዳን)ንኩሉ ንጥፈታት ጥሩፋት ምንቅስቓሳት ኣብ ኡጋንዳ፡ ኬንያ፡ ካሜሩን፡ ጫድ፡ ምስሪን ሊብያን ይመርሕ።

4- ቤት ጽሕፈት ሮማ (ኢጣልያ) ንንጥፈታት ጥሩፋት ጉጅለታት ኣብ ሃገራት ምዕራባዊ ዓረብ፡(ቱኒዝያ፡ ኣልጀርያ፡ ሞሮኮን ማውሪታንያን) ይመርሕ።

5- ቤት ጽሕፈት ካራትሺ (ፓኪስታን) ንንጥፈታት ጥሩፋት ምንቅስቓሳት ኣብ ኣፍጋኒስታንን ኣልባንያን ይመርሕ።

6- ቤት ጽሕፈት ቴህራን (ኢራን) ንንጥፈታት ጥሩፋት ምንቅስቓሳት ኣብ ሃገራት ማእከላይ ኤስያ፡ ቦስናን ሀርሲክን የመሓድር።

7- ቤት ጽሕፈት ለንደን (ብሪጣንያ) እስትራተጂያዊ መጽናዕቲታት የዳሉ። ሓበሬታታትን ዜናዊ ጽሑፋትን ድማ ይዝርግሕ።

8- ቤት ጽሕፈት ኒውዮርክ (ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ) ፋይናንሳዊ ሓገዛት ይእክብንየመሓድርን።

ኣብ ርእሲ'ዚ ሱዳን ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ብርክት ዝበሉ ግብረሽበራውያን ባእታታት እናተቀበለት ናይ ሓለዋ ሽፋን ብምግባር መዓስከራት ብምቛም ተሰልጥኖም ነይራ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ኩሉ ፍጻሜታት'ዚ፡ ስርዓት "ኣልእኹዋን" ንህዝቢ ሱዳን ንሰለስተ ዕቑዳት 1989 ክሳብ 2019 ሕሰም ምስ ኣርኣዮ ብ11

ሚያዝያ 2019 ብህዝቢ ሱዳን ቅድሚ ምጉሓፉ፡ ብሱዳናውያን ንጹግ፡ ብዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን መዳያት ድማ ጽሉእ ምንባሩ ዘገርም ኣይኮነን። እስላማዊ ስርዓት ካብ ፖለቲካዊ ታሪኻዊ መድረኽ ሱዳን ሓንሳብን ንሓዋሩን ቅድሚ ምግላፉ ፕረዚደንት ዑመር ኣልበሽር ነቶም ኣንጻሩ ተቓውሞ ዘበገሱ ናብ ባሕሪ ደም ንምጥሓሎም ንመራሕቲ ሰራዊት ኣንጻር ሰላማውያን ዜጋታት ብረቶም ከቅንዑ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ነይሩ። እንተኾነ ግን መራሕቲ ሰራዊት ትእዛዛቱ ብምንጻግ ኣብ ጐኒ ህዝቦም ደው ስለዝበሉ፡ ካብ ስልጣኑ ንኽወርድ ኣግዲዶምዎ። ኣብ መጨረሽታ ከኣ ናብ ቤ ማእሰርቲ ኮበር ተላኢኹ።

## ድሕሪኡኸ እንታይ ነይሩ?

ብ11 ሚያዝያ 2019 እቲ ንህዝቢ ሱዳን ዘህለኸ ሕሱም ታሪኽ ተዓጽዩ። ብውሽጣውን ዞባውን ኣህጉራውን መዳያት ሕልኽልኻትን ዳይናሚካዊ ምትእትታውን ዝመልአ ናቱ ፍሉይ መለለይታታትን ድርኺትን ግርጭታትን ዘለዎ ሓድሽ ታሪኻዊ ፖለቲካዊ መድረኽ ተጀሚሩ። ስርዓት ሱዳን ኣብ ካልኣዊ ግርጭታት ከይኣተወ፡ ካብ ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ቀቢላዊ፡ ዓሌታውን ወገናውን ስምዒታት ርሒቑ ንሃይማኖት ከም ፖለቲካዊ መሳርሒ ከይተጠቅመ ንሱዳን ኣብ ዘይርብሕ ኪዳናትን ጸረ-ኪዳናትን ከይመቃቀለ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ሽግር ሱዳን ንምፍታሕ፡ ሃገራዊ ሓድነት ንምሕያል፡ ሃገራዊ ጸጥታ ሱዳን ንምድልዳልን ምስ'ቶም ንሃገር ብመሰረት ኣጠቓላሊ ዘይግነት ንምህናጽ ዝሕግዝዎ ወገናት ክትሓባበርን ይግባእ ነይሩ። ሕዱር ሽግራት ሱዳን ካብ ንግሆ ንዓራርቦ ዝፍታሕ ከምዘይኮነ ድማ ፍሉጥ እዩ። እንተኾነ ግን እንሆ ኣብ ኻርቱም ኣብ መንጎ ሰራዊት ሱዳንን ሓይልታት ቅልጡፍ ውሃብ ደገፍን ኲናት ተወሊዑ። ክልቲኦም ወገናት ብመሰረት ሰነድ መትከላዊ ስምምዕ ብዘተ ግርጭታቶም ክፈትሑ ኣይከኣሉን። እቲ ምፍንጫል ከኣ ኣብ መላእ ሃገር ናብ ኩሎም ፖለቲካውያን ሓይልታት ልሒሙ። ሓይልታት ሓርነትን ለውጢን ንባዕሉ ናብ ክልተ ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ሃገራዊቻርተርን ተመቂሉ። እዚ ኸኣ ንፖለቲካዊ መድረኽ ሱዳን ምፍንጫልን ምትሕልላኻን ስለዝፈጠረሉ፡ ነቶም ብመገዲ መጋበርያታቶም ኣብ ውሽጣዊ ሉኣላዊ ጉዳይ ሃገራት ንምእታው ዝጓየዩ ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ፖለቲካውያን ሓይልታት ኣፍ-ደገ ከፊቱሎም። ነቲ ምስ ረብሓታት ህዝብታትን ሃገራትን ዝጻረር ረብሓታቶም ንምዕዋት ኸኣ ኣብ ዝተዘርገ ፖለቲካዊ ሃዋሁው'ዮም ዝነጥፉ።

## ሱዳን ኣብ ቀራና መገዲ

ብመሰረት'ዚ ኣቀዲሙ ዝተገልጸ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ'ቲ ኣቀዲምና ዝጠቐስናዮ ቃለ መጠይቕ፡ ሱዳን ኣብ ቀራና መገዲ ከም ዘላ ሓቢሩ። ንህዝብን መሬትን ሱዳን ካብ'ዚ ሓደገኛ ሳዕቤን ዘለዎ መገዲ ንኸእለዩ፡ እታ ዝተበከለ ፖለቲካዊ ማዕበል ዘናውጻ ዘሎ መርከብ ሱዳን፡ ከምቲ ፕረዚደንት ኤርትራ ዝገለጾ ናብ ደገ-ሰላም "በረልኣማን" ክትበጽሕ ኣለዋ። ልክዕ'ዩ ሱዳናውያን ካብ ካልኦት ንላዕሊ ጉዳዮም ዝፈልጥዎ ንሳቶም'ዮም። ይኹን'ምበር ጉዳይ እናኸፍአ ምእንቲ ከይከይድ፡ ከም ኤርትራ ዝኣመሰላ ካልእ ረብሓ ዘይብለን ሃገራት፡ ካብ ናይ "ባዛር" ምርኢት ወጻኢ፡ ርኣዩለይ ስምዑለይ ብዘይብሉ ኣገባብ ርእይቶአን ከቅርባ ዝኽልክለን ኣይኮነን።

ተበግሶታት ንምቅራብ ምጉያይ ንባዕሉ፡ ነቲ ካልእ ተበግሶታት ዘዕኑን ነቲ ሽግር ዝፈትሕ ዘይኮነስ መሊሱ ዘዕሙቖን ዝሓላልኾን እዩ። እቲ ዝድለ ዕብየቱ ብዘየገድስ ፖለቲካዊ መርገጺ ምምዝጋብ ዘይኮነስ፡ ንዋናታት ጉዳይ ግዜ ከይሓለፈ ኣብ ኣድላዪ እዋን ቅኑዕ ውሳነ ንኽወስዱ ዝሕግዞም ሓሳባት ኣብ ምቅራብ ኣበርክቶ ምግባር እዩ። ስለዚ፡ ኤርትራ ካብ ታሪኻዊ ፖለቲካውን ማሕበራውን ሓቂታት ተበጊሳ፡ ንሱዳን ከም ኩለን ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራት ከም ተራ ጎረቤት ኣይትርእያን እያ። በዚ ምኽንያት፡ ፖለቲካዊ መሪሕነት ኤርትራ፡ ኣብዚ ዝኸይድ ዘሎ ህልዊ ኩነታት ሱዳን ፖለቲካዊ መርገጺ ምንጻር ምርጫ ዘይኮነስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሱዳን ክንፍጽሞ ዘሎና ግቡእ'ዩ ክብል ምግላጹ ዘገርም ኣይኮነን።

ስለዚ ከኣ'ያ ኤርትራ ቅድሚ ዓመት ብፍላይ ከኣ ብ30 ግንቦት 2022 ጉዳይ "ፖለቲካዊ ስርዓት ሱዳን" ንምፍታሕ ዝሕግዝ ርእይቶ ኤርትራ ዝገልጽ "ወረቐት" ናብኩሎም ወገናት ሱዳን ዘቕረበት። እዚ ኸኣ ሱዳን ናብዚ ሕጂ ወዲቃቶ ዘላ ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለም ዝካየድ ዘሎ ንትሕተ-ቅርጺን ልዕለ-ቅርጺን ኣብ ጎደናታት ኻርቱም ዝርከብ መንግስታውን ብሕታውን ትካላት ዘዕነወ ኩሉ ዓይነት ናይ ኣየርን ምድርን ኣጽዋር ዘሳተፈ ቅሉዕ ኲናት ንኸይትሽመም እዩ። ኣስታት ሓሙሽተ ሚልዮን ዝበጽሑ ነበርቲ ኻርቱም ሃንደበት ንነፍሶም ኣብ ከበባ ቦምባታትን ጠያይቲን ረኺቦምዋ። ትካላት ሆስፒታል ይኹን መመንጨዊ ኤለክትሪክ ካብ ዕንወት ኣይድሓነን። ዝስተ-ማይን መግቢን ተጸንቂቑ። ነበርቲ ኻርቱም ሂወቶም ንምድሓን ኣብ ካልኦት ከተማታት ሱዳን ይኹን ካብ ሱዳን ወጻኢ መገዲ ኣብ ምድላይ ይርከቡ። ስለዚ ከኣ ኤርትራ ኣብ ቅድሚ ኣሕዋት ሱዳናውያን ኩሉ ናይ ምድሪን ኣየርን ባሕሪን ኣፍ-ደገታታ ብዘይ መእተዊ ፍቓድ ምኽፋታን ካብ

ናይ ረዲኤት መዓስከራትን ናይ ገናዞ ቴንዳታትን ወጻኢ ዘለዎ ትሕዝቶ ምስ ሱዳናውያን ክትማቀሎ ምኳና ምግላጻን ዘገርም ኣይኮነን። ከምቲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝገለጾ፡ እቲ ጉዳይ ንኤርትራ ናይ ሕልና ጉዳይ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓደጋታት ነቲ ሽግር ንምምካት ሰብኣዊ ምድግጋፍ ምግባር እዩ።

**መጻኢ ሱዳን ኣበይ ገጹ’ዩ?**




ማዕበል ተበግሶታት ዘናውጻ ዘሎ መርከብ ሱዳን ናብ ደገ-ሰላም ከተዕርፍን ከቢቡዋ ንዘሎ ተበግሶታት ብሰላም ክትሰግሮን እንተ ድኣ ኮይና ወድዓዊ ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ። ገለ ዞባውን ኣህጉራውን ሓይልታት ብዋጋ ሃገራዊ ረብሓ ናይ’ዚ ኣብ ሽግር ተሸሚሙ ዘሎ ህዝቢ ሱዳን ጂኦ-እስትራተጂን ፖለቲካውን ቊጠባውን መኸሰባትን ንምርግጋጽ ብድሕሪ መጋረጃን ኣብ ጸልማት ክፍልታትን ሲናርዮታት ኣብ ምድላው ይርከቡ። ነቲ ኣብ መንጐ ወተሃደራውያን ተዋጋእቲ ሰራዊትን ሓይልታት ውሃብ ደገፍን ብኣዝዩ ምስጢራዊ ኣገባብ ዝካየድ ዘሎ ፖለቲካዊ መስርሕ ኲናት ደው ንምባልን ኣብ መንጐ ክልቲኦም ወገናት ዘሎ ፍልልይ ብኣጠቓላሊ ሃገራዊ ዘተ ንምፍታሕን ዘይኮነስ፡ ኣብ ውሽጢ’ዚ ንኻርቱም ብኩሉ መኣዝን ዝሕምስ ዘሎ ኲናት ሰብኣዊ ረዲኤት ዝኣትወሉ መስመር ንምርካብ ንግዚኡ ኲናት ደው ዝብለሉ ኩነታት ንምፍጣር እዩ። እዚ ንመጻኢ ሱዳን ዓቢ ስግኣት ፈጢሩ ዘሎ ኲናት ኣስታት ሓደ ወርሒ ኣቑጺሩ ከብቅዕ፡ ክሳብ ሕጂ ግን ክልቲኦም ወገናት ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክፈትሕዎ ከም ዝኸእሉ’ዮም ዝኣምኑ። ይኹን’ምበር ሓደ ወገን ክዕወት ይኽእል’ዩ ኢልና እንተ ሓሰብና’ውን ናይ

ብሓቂ ዓወት ዘይኮነስ፡ ናይ ኩሎም ሱዳናውያን ስዕረት'ዩ ክቑጸር። ስለዚ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሃገራዊ ዕንወትን ብዋጋ ህዝቢ ሱዳንን ስለዝኸውን ብወተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ሰብኣውን ስነ-ኣእምራውን መለክዒታት ዓወት ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን።

በዚ ዝተጠቕሰ ድምር ረቛሒታት ነፍሲ ወከፍ ወገን ካብ ዕቡድ ጥሙሕን ትምክሕቲን ርሒቑ፡ ንዝሓለፈ ወሪር ኩነታት ረሲዑ ካብ ጽልኢን ቅርሕንቲን ተሓዪቡ ብልቦና ተመሪሑ ዓቢ መስዋእቲ ክኸፍል ኣለዎ። ሱዳን ኣብዚ እዋን'ዚ ብኣዝዩ ተኣፋፍን ሓደገኛን ፖለቲካውን ወተሃደራውን ኩነታት ይሓልፍ ኣሎ። ስለዚ እቲ ዝዓበየ ሓደጋ ከይመጽ ኩሎም ሲቪልፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን፡ ሰራዊትን ሓይልታት ውሃብ ደገፍን ንመርከብ ሱዳንን ሱዳናውያንን ናብ ውሑስ ሰላማዊ ማዕርፎ ንምብጻሕ ታሪኻዊ ሓላፍነቶም ክስከሙ ኣለዎም። እዚ ድማ ቅዱስ ዕላማ ንምርግጋጽን ንሱዳን ካብዚ ብተደጋጋሚ ዘሳቅያን ሰብኣውን ንዋታውን ዓቕሚታታ ዘልምስን ዘሎ ፍንውነት ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምውጻእን ብትምኒትን ጽቡቕ ድሌትን ዘይኮነስ፡ ግብራዊ ተወፋይነት ዝሓትት እዩ። ታሪኻዊ ፖለቲካዊ መስርሕ ሱዳን ንዘጋጥምዎ ውሽጣውን ግዳማውን ዕንቅፋታትን ባዕላውን ወድዓውን ብድሆታትን ሰጊሩ ቅኑዕ ኣንፈት ሒዙ መገዲ ሰላምን ርግኣትን ክጉዓዝ እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ካብዚ ቀጺልና እነቕርቦም ነጥቢታት ግድን ክረጋገጹ ወድዓዊ ረቛሒታት ዝጠልቦ እዩ።

- ቀንዲ ሽግር ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር ዝተፈጥረ ጉጉይ መሰረት ምኳኑ ምእማን። እዚድማ ኩሎም ሓይልታት ሱዳን ንዝኾነ ይኹን ወገን ብዘይምግላል፡ ንረብሓ ሃገር መሰልንግቡኣትን ብማዕረ ዝትግብረሉ ትሕተ ቅርጺን ልዕለ ቅርጺን ሃገራዊ ስርዓት ክሃንጹኣለዎም።

- ህንጸት ሃገር ስልጣንን ጸጋታትን ሃገር ኣብ መንጎ ማእከላት ወተሃደራውን ፖለቲካውንሓይልታትን ሃይማኖታትን ሲቪላዊ ግንባራትን ብምምቅራሕ ዝረጋገጽ ኣይኮነን። ስለዚ እቲ ጉዳት ድሕሪት ንኸይምለስ መሰረት መስርሕ ህንጸት ሃገር ካብቲ ምስ እምነት፡ ዞባ፡ ሰልፊ፡ ዓሌት ይኹን ወተሃደራዊ ወገን ወይ ቀቢላ ወዘተ ምትእስሳር ዘይብሉ መንነት ክብገስኣለዎ።

- መንነት ድማ ካብ'ቲ ንሱዳን ካብ ግዜ ናጽነታ 1956 ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ዘሳቅያን ኣብ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን መዳያት ከቢድ ዋጋ ትኸፍለሉን ዘላ ማእከልን ዝተጐስዩን ዝብል ስነ-ሞጐት ብምርሓቕ፡ ኣብ መንጎ ኩለን ዞባታት ሱዳን ኣብ ኩሉ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡

ማሕበራውን ባህላውን ወዘተ መዳያት ብምዕሩይን ርትዓውን ልምዓት ክስነ ኣለዎ።

- ኣብ 2019 ንእላማዊ ስርዓት ዝገለፈ ሰውራ፡ ናይ ዝኾነ ይኹን ውልቀ-ሰብ፡ ፖለቲካዊ ሰልፊ፡ ሃይማኖታዊ ወገን፡ ወገናዊ ሓይሊ ወይ ወተሃደራዊ ሓይሊ ወዘተ ዋንነት ዘይኮነስ፡ ናይ መላእ ህዝቢ ሱዳን ዋንነት እዩ። ዝኾነ ይኹን ወገን ኣነ ህዝቢ'የ ክብል ዝኽእል'ውንየለን። ስለዚ ከኣ ዝኾነ ይኹን ኣካል ብድሕሪ ጭርሖ ሰውራ ተሓቢኡ ጸጋታት ሃገር ክምዝምዝ፡ ሃገራዊ ጸጋታትን ፖለቲካዊ ስልጣንን ክብሕት ክፍቀደሉ የብሉን።

- ፖለቲካዊ ተመኩሮታት ሱዳን ይኹን ካልኦት፡ ምትሕንፋጽ ሃይማኖትን ፖለቲካን ሓደገኛ ሳዕቤን ዘለዎ ምዃኑ ኣረጋጊጹዎ እዩ። ፖለቲካ ብውሽጣዊ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ስነ-ሞጎት ዝግዛእ ኣብ ክሊ ታሪኻዊ መድረኽ ዝካየድ ኣገባብ ክኸውን ከሎ፡ ሃይማኖት ግን ከም ፍጹም ቀዋሚ እምነት ኣብ መንጎ ፍጡር ፈጣሪን ዘሎ ዝምድና ዘነጽር እዩ። ዝኾነ ናይ መንነት መሰል ብመሰረት ምእማንን ዘይምእማንን ወይ እምነትን ዘይእምነትን ክስረዝ ዝኽእል ኣይኮነን። ብግብራዊ መዳይ፡ ብመሰረት ሃይማኖታዊ እምነት ኣብ መንጎ ዜጋታት ምፍልላይ ክግበር የብሉን። ምኽንያቱ ዜጋ ሃገራዊ ዝከውን ብመሰረት ሃገር እምበር ሃይማኖት ኣይኮነን። ንዜጋ ዝውስኖ ድማ ሃገር እምበር ሃይማኖት ኣይኮነን። ኣብ ብዙሕነት ሃይማኖታት ዘለዎ ሃገር መንነት ብመሰረት ሃይማኖታዊ እምነት ምስ ዝኸውን ዘውርዶ ሳዕቤን ካብ ክትግምቶ ትኽእል ንላዕሊ እዩ። ሱዳን ከኣ ካብ ካልኦት ንላዕሊ በዚ ሓዊ'ዚ ተለብሊባ ከቢድ ዋጋ ከፊላ እያ። ስርዓት ጃዕፈር ኑሜሪ ኣብ 1983 ንሃይማኖት ኣብ ፖለቲካ ብምእታውን እቲ ሽግር ኣብ እዋን ስርዓት ዑመር ኣልበሽር ብምድጋሙን ኣብ 2011 ደቡብ ሱዳን ካብ ሰሜን ተፈልያ።

- ማሕበራዊ ኣቓውማ ሱዳን ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ዓሌታት ሱዳን ምንጪ ፖለቲካዊ ህልኽ ንኸይከውንን ሃገራዊ ፕሮጀክት ንኸይዓኑን ምእንቲ ሰልፊታት ብመሰረት ሃይማኖታዊ እምነትክምስረታ የብለንን።

- ማሕበራዊ ምትእስሳሩ ብዝተፈላለያ ቀቢላታት ዝቆመ ሕብረተሰብ ኣብ ቀቢላዊ መሰረት ዝተሰረታ ፖለቲካውያን ሰልፊታት ንኽቆማ ክፍቀደለን የብሉን። እዚ ኸኣ ነቲ ኣብ ሃገራዊ መንነት ዝምስረት ፕሮጀክት ህንጸት ሃገር ካብ ዕንወት ንምሕላው እዩ።

- ንፖለቲካዊ ሓይልታትን ሰልፊታትን ሱዳን ናይ ወጻኢ ምወላ ዘይምፍቓድ። ምኽንያቱ ንሃገራዊ ሉኣላውነትን ሓድነትን ዝግህስ ኣብ ርእሲ

ምኳኑ፡ ኣብ ጉዳይ ሃገራዊ ጸጥታን ሉኣላዊ ጉዳያትን ሱዳን ምትእትታው ዝኸፍት ስለዝኾነ።

**ሃገራዊ ፕሮጀክት ሱዳን**

ብመሰረት'ዚ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ሃገራዊ ፕሮጀክት ሱዳን ኣብዚ ዝስዕብ መሰረት ዝቆመእዩ።

ሀ- ሱዳን ንኹሎም ሱዳናውያን።

ለ- መጻኢት ሱዳን ሉኣላዊትን ስምርቲን።

ሐ- ስርዓት መንግስቲ ሱዳን፦

1- ኣብ ዘይምምእኩል ስልጣን ዝቆመ እዩ።

2- ኣብ ዘይግነት ይምስረት።

3- ንኹሎም ኣባላት ሕብረተሰብ ማዓርነትንማዕረ ዕድላትን የረጋግጽ።

4- ፍትሓዊ ምቅርሐ ስልጣንን ጸጋታትንየውሕስ።

5- ኣብ ኩሉ ዞባታት ኣብ ምዕሩይን ርትዓውን ልምዓትይምርኮስ።

6- ሃይማኖት ካብ ፖለቲካ ይፈሊ።

7- ካብ ኪዳናት ጸረ-ኪዳናትን ርሒቁ ንሃገራዊ ጸጥታ ሱዳን ዘገልግል ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ይኽተል።

ፖለቲካዊ ሂወት ብስኑ-ሞንት ዝግዛእ ከም ምኳኑ መጠን፡ ካብ'ቲ ሱዳን ናጽነታ ዝተጐናጸፈትሉ እዋን ኣትሒዙ ኣብ መንጐ ኩሎም ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን ናይ ሰሜን ይኹኑ ናይ ደቡብ ወይ ናይ ምብራቕን ምዕራብን ዝተኸስተ ምፍንጫላት ንምውጻእ ኣብዚ ዝስዕብ መትከላት ዝተሰረተሓድሽ ኣገባብ ምኽታል የድሊ።

1- ነቲ ናብ ዕጹው መገዲ ዘእቱን ኣብ መጨረሽታ ከኣ ምፍንጫል ዘስዕብን ፖሊስታትንቁርቁጻትን ዘይምኽታል።

2- ኩሉ ናይ ርእይቶ ፍልልይ ናብ ግጭትን ምፍንጫልን ከየእቱ ምጥንቃቕ።

3- ንካልኣዊ ግርጭታትን ቀዳማይ ግርጭታትን ዘይምትሕውዋስ።

4- ኣዕለዋይ ሃገራዊ ረብሓ ንሰልፋዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ወገናዊ፡ ዓሌታውን ቀቢላውን ረብሓታትከም ዝሰዕር ምግባር።

ኣብ መጨረሽታ ሱዳን ንኩሉ ማሃዝን ዓብን ሰብኣዊ ዓቕማን ብዙሕን ገዚፍን ባህርያዊ ጸጋታታን ኣብ ርግኣትን ልምዓትን ብልጽግናን ህዝባ ከተውዕሎን ታሪኻውን ፖለቲካውን ኣድማዒ ተራ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ ባሕሪን ፈለግ ናይልን ብፍላይ ኣብ ዓረባውን ኣፍሪቃውን ኣህጉራውን ሜዳ ድማ ብሓፈሻኡ ክትጻወትን እንተ ድኣ ኮይና ንርግኣታ ዝኸልእ ካብ ናይ ወተሃደራዊ ዕልዋታትን ህዝባዊ ምልዕዓላትን ተገላጊላ ብሓድሽ መልክዕ ክትህነጽ ኣለዋ።

ዝኾነ ኮይኑ፡ ህዝቢ ሱዳን'ዩ ብዛዕባ ጉዳዩ ኣጸቢቁ ዝፈልጥ። ይኹን'ምበር ኣብ መንጎ ኤርትራን ሱዳንን ብዘሎ ታሪኻውን ፖለቲካውን ምትእስሳርን ማሕበራውን ባህላውን ዝምድናታትን ሽግር ሱዳን ሰብን ህንጻን እናንደደ ከሎ፡ ኤርትራ ትም ኢላ ክትዕዘብ ኣይትኽእልን እያ። ሃገረ ኤርትራ ከምቲ ኣቀዲምና ዝገለጽናዮ ዘለዋ ራኢይ ንኣሕዋት ሱዳናውያን ብዝርዝር ንምግላጽ ኵናት ክሳብ ዝውላዕ ኣይተጸበየትን። እኳ ድኣ ቅድሚ ዓመት እቲ ሽግር ገና ክጥጃእ ከሎ ሓቢራ እያ። እዚ ናይ ኤርትራ መርገጺ ድማ ግዜ ዘምጽኦ ሓድሽ ወይ ዝተፈልየ ኣይኮነን። የግዳስ ካብ'ቲ ኣብ መላእ ሱዳን ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ኩለን ሃገራት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ርግኣትን ንምርግጋጽ ዝዓለመ ፖሊሲ ኤርትራ ዝምንጩ እዩ። ኤርትራ ካብ ዕለተ ናጽነታ 24 ግንቦት 1991 ኣትሒዛ እትኽተሎእስትራተጂያዊ መስመር ከኣ ንሱ እዩ።

15 ግንቦት 2023